# ካልእ ተኽእሎታት ኣሎኪ



Utlendingsdirektoratet
Norwegian Directorate
of Immigration

# ካልእ ተኽእሎታት ኣሎኪ

ኩልና ብዘይ ፍርሒ ዓመጽን ታህዲድን ሓደ ህይወት ንክህልወና መሰልና እዩ። ንስኺ ይኹን ደቕኺ ኣብ ሓዳርኪ ትጋፍዑ እንተድኣ ኮንኩም፡ ርእሱ ዝኸኣለ መንበሪ ፍቓድ ንክዋሃበኪ መሰል ኣሎኪ።

መንበሪ ፍቓድኪ ኣብ ኖርወይ ንከይንፈገኪ ክትብሊ ብፍርሒ ኣብ ሓዳርኪ ክትቅጽሊ ኣየድልየክን እዩ።

**መንበሪ ፍቓድ ክትወሃብ ትኽእል መን እያ፧**

- ኣብ ኖርወይ ብምጽምባር ስድራቤት ምስ መናብርትኺ ወይ ምስ ብዓል ቃልኪዳንኪ መንበሪ ፍቓድ ዝነበርክን ወይ ዘለክን ክትኮኒ ኣሎኪ።
- ብዓል ቃልኪዳንኪ ወይ መናብርትኺ ንባዕሉ ግድን ኖርወያዊ ወይ ኖርዲካዊ ክኸውን ኣለዎ፡ ወይ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎ ወይ ክኣ ንቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ከውህብ ዝኽእል መንበሪ ፍቓድ ክህልዎ ኣለዎ።
- ኣብ ኖርወይ እናተቐመጥኩም ንስኺ ወይ ውላድኪ ብብዓል ቤትኪ ወይ መናብርትኺ ዝተገፋዕኩም ክትኾኑ ኣለኩም።
- ካብ መናብርትኺ ወይ ብዓል ቃል ኪዳንኪ ግድን ዝገዓዝኩም ክትኮኑ ኣለኩም።
- ንውሒ ዝተቐመጥኩምሉ እዋን ኣብ ኖርወይ ተራ የብሉን።

# እቲ ግፍዒ ዝበሃል ከመይ እዩ፧

ግፍዒ ማለት ምህዳድ፡ ምግዳድ፡ ምጕናጽ ወይ ከኣ ናጽነት ሓደ ሰብ ምግታእ ማለት እዩ።

ግፍዒ ኣካላዊ፡ ልቦናዊ ወይ ወሲባዊ ክኸውን ይኽእል እዩ። ግፍዒ ከም ዝተቓላዓኺ ክንግምግሞ እንክለና ከም ንኣብነት ብዛዕባ እዘን ዝስዕባ ከም ዘጋጠማኺ ክንፈልጥ ኣገዳስነት ኣለዎ፡

- ምድፋእ
- ምምንጫጭ
- ምህራም
- ምቕላዕ
- ምህዳድ (ብቐጥታን ብተዘዋዋርን)
- ንወሲባዊ ተግባራት ምግዳድ
- ምግሳስ
- ካልእ ወሲባዊ ግፍዕታት ምቅላዕ
- ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ምእታው
- ኣብ ውሽጢ ወይ ግዳም ምዕጻው
- ርክብ ምስ ስድራቤት ወይ መሓዙት ምኽላእ
- ኣብዚ ሕብረተሰብ እዚ ብናጻ ምንቅስቓስ ምኽላእ፡ ከም ንኣብነት ኣብ ቋንቋዊ ምህሮ ንምስታፍ ምኽላእ
- ምጽራፍ
- ዕሸሽ ምባል
- ተነጽሎ
- ምኽላእ መግቢ
- ምግላጽ ሓሳብ ምኽላእ

ፍቃድ ንክወሃበኪ እንተድኣ ኰይኑ ብመፈለምታኡ ግድን ከቢድ ወይ ተደጋጋሚ ተግባራት ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። እንተድኣ እቲ ጕነጽ ክንድቲ ከቢድ ዘይኰይኑ ኸኣ ብብዝሒ ዝተፈጸመ ኰይኑ ሓደ ክፋል ናይ ሓደ ክትሞ ክኸውን ክኽእል ኣለዎ።

እንተድኣ ነቲ ግፍዒ ዝገልጽ ሰነዳት ወይ ከኣ ካብ ካልኦት ሰባት እንታይ ከም ዝወረደኪ ክገልጽ ዝኽእል ደብዳበ ኣልዩኪ ምስቲ መሕተት መንበሪ ፍቓድ ከተጸንብርዮ ትኽእሊ ኢኺ። ሰነዳት እንተዘይብልኪ ግና፡ ኣብ ሓደ ቃለመሕተት ምስቲ ናይቲ ፍቓድ ዝምልከት እንታይ ከም ዘሕለፍኪ ክትገልጺ ኣኻሊ እዩ። ብዛዕባ ኩሉ ዝወረደኪ ክትነግሪ ኣገዳሲ እዩ፡ ማለት መዓስን ብኸመይ ከም ዝተፈጸመን ብኸመይ ከም ዝጸለወክን ምንጋር ማለት እዩ። እቲ ጉዳይ ግፍዒ ንፖሊስ ክኽሰስ ከም ቅድመ ኩነት ዝቐርብ ኣይኰነን።

ካልእ ዓይነት መንበሪ ፍቓድ እውን
ኣሎ።

- ምሳኺ ኣብ ኖርወይ ዝቕመጥ ወይ ከኣ ምስኡ ሓበራዊ ርክብ ዘለኪ ውላድ እንተድኣ ኣለኪ ኹይኑ ምስቲ ውላድ ንክትጽምበሪ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ።
- እንተድኣ ቃልኪዳን ብግዴታ ወይ ብጽቕጠት ስለ ዝኣሰርኪ ተሰሪዙ፡ መሰል ርእሱዝኽኣለ መንበሪ ፍቓድ ከውህበኪ ይኽእል እዩ።
- እቲ ተጸንቢርክዮ ዘለኺ ሰብ እንተድኣ ኣብ ኖርወይ ዕቑባ ዝተዋህቦ ኰይኑ፡ ንስኺ እውን ድሮ ርእሱዝኽኣለ መንበሪ ፍቓድ ክህልወኪ ይኽእል እዩ።
- እንተድኣ ወረቐት መንበሪ ፍቓድ ናይ ካልኦት ኣባላት ስድራ ቤት ናይ ሕብረተ ኤውሮጳ/ቀጠባዊ ክሊ ኤውሮጳ (EU/EØS) ዜግነት ዘለዎም ኣለውኺ ኰይኖም፡ ወኽኣ ግፍዒ ትቃልዒ እንተኰይንኪ፡ ኣብ ኖርወይ ምንባርኪ ንክትቕጽሊ ዘፍቅድ መሰል ይህልወኪ ይኽውን እዩ።
- እንተድኣ ናብ ሃገርኪ ብምምላስኪ ከም ፍትሕቲ ኰይንኪ ንክትነብሪ ዘሸግረኪ ብምዃኑ ዘይርትዓዊ ኰይኑ፡ መሰል መንበሪ ፍቓድ ዩ።
- ኣብ ኣዝዩ ፍሉይ ኩነታት መነበሪ ፍቓድ ብሰንኪ ልዑል ሓልዮት ሰብኣዊ ርህራሄ ክውሃበኪ ይኽእል እዩ።
- እንተድኣ ኣብ ሃገርኪ ጉነጽን ግፍዕን ንከይትቃልዒ ትፈርሒ ኰይንኪ ዑቕባ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ።

ንገለ ካብዘን ዝስዕባ መንበሪ ፍቓዳት እውን ካልእ ክማማልእኦ ዘለወን ጠለባት ኣሎ።

ኣብ udi.no/vold
ብምእታው ዝያዳ ሓበሬታታት ይርከብ።

Utlendingsdirektoratet
Norwegian Directorate
of Immigration

Tigrinja
ስእላዊ መረዳእታ: Kristian Hammerstad / ByHands